# ዕድመ ንጽምብል ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ይኣክል ንምልኪ
# ዓባይ ብርጣንያ ኣብከተማለንደን



ዝኸበርክንን ዝኸበርኩምን ደቂ ሃገርና፥ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራዉያን ይኣክል ንምልኪ ዓባይ ብርጣንያ፥ ንዕለት 21 ማስከረምት 2019 ዓ.ም.ፈ. ካብ ሰዓት ክልተ ድ.ቀ. ዝጅምር ጽምብል ክነ ካዱድ ስለዝኾና፡ ኣብዚ ዓቢዪ ብሃገር ርእ ጃ ዝቐውም ኤርትራውዊ ጥርናፈ ክትሳተፉ ብኽብሪ ንዕድመኩም።

“ሕሰም ሚሪሩዎ” ይኣክል ንምልኪ: ይኣክል ንስቕታ፡ ይእክል ንምፍልላይ“ ኢሉ ዝተላዕለ ኤርትራዊ፣ ኣብ ከከባቢኡ ተጠርኒፉ ወከልቱ ብምምራጽ ዝጀሚረ ህዝባዊ ምንቅስቓስ፣ ካብ ከተሜታት ሓሊፉ ብደረጃ ሃገር ዓባይ ብሪጣንያ ጽላል ከቕውም ተሰማሚዑ፣ ንዕለት 21 ማስከረምክ ጽምብሎ ተዳልዩ ኣሎ።

ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራዉያን ይኣክል ንምልኪ ዓባይ ብርጣንያ፣ ብኻብ ህዝቢ ዝተመርጹ ወከልቲ ኩለን ከተሜታት ዓባይ ብሪጣንያ፣ ናይ ሓሳብ ውህደት ጌሮም ነዚ ናይ ይእክል ሞዕበል ናብ ግብራዊ ሓይሊ ንምቕያር ንስራሕ ብዝተበገሱ ወከልቲ ዝቖመ ጽላል ህዝባዊ ምንቅስቓስ እዩ ።

እዚ ጽላል እዚ ንዝሓለፈ 4 ወርሒ ቀጻሊ ኣኼባታት ብምግባር ፍልልያት ብምርድዳእ ፈቲሑ ማሳርሒ ዝኾኖ ዕንዲ ሕጊ ኣጽዲቑ ናብ ስራሕ ዝኣትወሉ ጽምብል እዩ ።

ኣብዚ ጽምብል እዚ ሓፈሻዊ ሜልእኽቲ ባይቶ ይኣክል ዓባይ ብሪጣንያ ክቐርብ ኢዩ፣ ንህዝቢ ተጋባኣይ ናይ ርእይቶን ለዎባን ዕድል ዝህብ ጊዜውን ተሰሪዑ ኣሎ። ብምቕጻል ዝተፈላለዩ እዋናውያን ግጥምታትን ድራማታትን ክህልዉ ኢዮም ኣብ ሞወዳእታ ድማ በቶም ዓበይቲ ስነ ጥበበኛታት ወኒ ኤርትራዊ ንቃልሲ ዘላዓዕል እዋናውያን ባህላዊ ሜዚቃን ትልሂትን ተዳልዮ ኣሎ ።

ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን እዚ ብዓይነቱ ኣብ ዓባይ ብሪጣንያ ተጌሩ ዘይፈልጥ ንጥርናፈ ኤርትራውያን ይኣኽል ንምልኽን ጽንተትን ኢሉ ተዳልዩ ዘሎ ኤርትራዊ ሓድነት ዘንጸባርቕ ዕለት፣ ምሳና ምስ የሕዋርኩምን ኣሓትኩምን ሓቢርኩም ተሓጉስኩም ክትውዕሉን ንባይቶኹም ባይቶ ዓባይ ብሪጣንያ ቆጽሊ ከተንብሩሉን ብኽብሪ ንዕድመኩም።

<u>ዝግበረሉ ቦታ</u>

Oakington Manor Primary School,
Oakington Manor Drive,
Wembley,
HA9 6NF
London

ኣኽበርትኹም

ባይቶ ዓባይ ብሪጣንያ